

እናቴ ጀዙዊና ሓንቲ ከማና ኮይነን ብመንገድና ዝሓ
ለፉ ዓቐብና ዝደየባ ብጥበብ ቅዱሳን ዝተመላለሳ ብንጽ
ሕና ሓንቲ ካብ እቶም ናኣሽቱ ሕፃናት ናይ ወንጌል ዝኾነ
ሐበታ ናፃ ዝኾነት ኃያል ሰበይቲ ናፃ ክንብራ ዝኽእላ ነቲ
ክንበጽሖ ንጉዓዝ ዘሎና ሕይወት ናይ ተስፋ ምልክት
ዚህባ ኢያን ።

እናቴ ጀዙዊና ነቲ ብሞራል ተተንኪፉ ብጽምዋ ተጠ
ቂዑ ዘሎ ዘይጥርኑፍ ሓሳባትን ጊዜን ብኸምዚ ይምልሻ
ልና ። ኣርኣያ ውሽጣዊ ሕይወት ኢያን ከመይ እታ ሓንቲ
ሀረርታኣን ቅድስቲ ምኳን ኢያ ስለዚ ኣርኣያ ምውህሃ
ድን ጋሻ ምቕባልን ኣብ ክርስቶስ ናይ ምንባር ኃይልን
ምትስፋውን ምፍቃርን መምህር ኢያን ። ብተወሳኺ እቲ
ቀንዲ ምኽንያት ናይ ምንባርና ክኸውን ዘለዎ ፍቕሪ ናይቲ
ኵሉ ዝፈጠረ እግዚኣብሔር ክኸውን ከምዘለዎ የመልክታ
ልና ።



— እዚ ፍቕሪ'ዚ ኣብ'ዚ ኃይለን ተስፈኣንን መጸናንዒአ
ንን ዝኾነ ኢየሱስ ሰቑልን ፧
— ኣብ'ቲ ሕያው ዓርኪ ዝኾነ ኣብ ቅዱስ ቁርባን ዘር
ከብ ኢየሱስን ፧
— ኣብ'ታ ተፈታዊት መንጐኛ ኣደ ዝኾነት ንጽሕቲ
ድንግል ማርያምን ዝተመስረተ ኢዩ ።

ንሰን ሕልሚ ተስፋናን ጽድቅናን ሀረርታናን ሰላምናን
ሕውነታዊ ፍቕርናን ንኽሠምረልና ኵሉ ጊዜ ብሓጐስን
ገርህነትን ጸሎት ብምዝውታርን ምእንቲ እቲ ምንጪ እም
ነትና ዝኾነን ምእንታና ዝተንሥኣን ኢየሱስ ኢልና ክር
ስቲያናዊ ይቕረታና ክንህብ የመልክታልና ።

እናቴ ጀዙዊና ሰገዚ ብ30 መጋቢት 1963 ዓ-ም-ፈ-
ኣብ በርጋሞ ዓረፋ ። ኣብ ገዛ ናይ ጠቕላሊት ሓለቓ ዝር
ከብ ቤተ - ጸሎት ደናግል ኦርሶሊነ በርጋሞ ተቐብራ ።


ገዛ ሓለቓ ደናግል ኦርሶሊነ ዘንጽሕት
ድንግል ማርያም
ጐደና ሓረር ቍ- 16 ኣሥመራ

# ትጽቢት እግዚኣብሔር



# ኣብ ገጽ
# ውፍይቲ ሰበይቲ


## እናቴ ማሪያ ጀዙዊና ሰገዚ



ዶመኒካ ሰገዚ ካብ ኣንቶንዮን ማርገሪታ ቲታን ዝተ
ባህሉ ሕያዎት ክርስቲያን ብ18 ለካቲት 1882 ኣብ ፕረ
ሞሎ ( በርጋሞ ሃገር ጥልያን ) ተወልዳ ። ወለደን ብጽኑዕ
ሃይማኖትን ክርስትያናዊ መዕበያን ኣዕበዩወን ። ንሰን ብር
ቱዕ ጠባይን ውዕውዕ መንፈሳዊ ፍልጠትን ስለዝነበረን ብዝ
ቐልጠፈ ምሉእ ሕይወተን ንኣገልግሎት እግዚኣብሔር ከወ
ፍያ ድላየን ከምዝኾነ ገለጻ ። ስለ'ዚ ኣብ 12 ዕድመአን
ብኢድ ቆሞሰን ብናይ ንጽሕና መብጽዓ ርእሰን ናብ እግዚ
ኣብሔር ኣወፈያ ። እቲ ሱቕታ ዝሰፈኖ ጽሩይ ናይ ጎበ
ኣየር ኣስተንፈሰን ብክርስትያናዊ ሓጐስ ዝዓበያ ብምዃነን
እቲ ኹሉ ግዜ ዝነበረን ዓሚቝ
ቅሳነት ንጠባየን ፍሉይ ገበሮ
ንቅድስናኦንውን ኣቀላጠፎ ።



ንሰን ብናኣሽቱ ነገራት ማ
ለት ንዕንባባ ብምፍታውን ብሓ
ጐስ ኣኅዋተንን ብምሕጓስ ደስ
ታኦን ናይ ምግላጽ ክእለት
ነበረን ። ኣብ ቁምስና ምሉእ
ተሳታፍነት ስለዝነበረን ብዙኅ
ከይጸንሓ ናይ ኣዋልድ ማኅ
በር ሰራዊት ማርያም መራሒ
ት ኰይነን ተመረጻ ። ነተን
ኣብ ትሕቲ ሓለዋኦን ዝነበራ




ብሕንቁቕ መንፈሳዊ ጥን
ቃቐ የካይደኦን ነበራ ።

ኣብ እንዳ ማእለማ ዓ
ለባ ፓንተኖሳ (በርጋሞ)
ክሰርሓ ከለዋ ነቲ ካብ
ሥድረኦንን ቍምስነኦንን
ዝለበሰኦ ክርስቲያናዊ መ
ዕበያን ሰብኣዊ ህያባትን
ብዚግባእ ይሰርሓሉ ስለ
ዝነበራ ኹሎም የኽብር
ወንን ይፈትውወንን ነበሩ ።

ንኣኦን ወትሩ ሕራይ ኢልካ ምኽኣል ክሳብ ክንደይ ጽን
ዓትን ውሳኔን ከምዘድሊ ብሩህን ንጹርን ነበረ ። ነቲ ሓቀኛ
ሕይወት ንምርካብ ዝነበረን ዓሚቝ ሀረርታ ካብ ርእሰንን
ካብ ካልኦትን ነፃ ክኾና ከም ዘለወን ይፈልጣ ነበራ ። ስለ
እዚ እቲ ዝተማለአ ኣቓም ኣብ ዕላምኡ ንምብጻሕ ፕረ
ሞሎ ገዲፈን ኣብ ገዳም ደናግል ኦርሶሊን ኣተዋ እሞ
እናቴ ማርያ ጀዙዊና ዚብል ስም ከኣ ተዋህበን ። ንእናቴ
ማርያ ጀዙዊና ኢየሱስ ስቑል እቲ ጽኑዕ ፍቕረንን ኣብነተ
ንን ነበረ ። ንሰን ኵሉ ሓላፊ ዝኾነ ነገር ገዲፈን ነቲ ቀንዲ
ዘይሓልፍ ብምምራጽ ናይ ሰብኣዊ ሕልምና መልሲ ይህ
ባና ። ኣብ ጋንዲኖ መዕበያ ዘኽታም ነተን ኣብ ትሕቲ ሓለ
ወኦን ዝነበራ ኣዋልድ ብርሕራሔን ብዘለወን ዓሚቝ ናይ
ምርዳእ ክእለትን ዓባይ ምስ ዓበይቲ ንእሽቶ ምስ ናኣሽቱ
እናኾና እናታዊ ክንክን የወፍያለን ነበራ ።

ብ1912 ዓ-ም-ፈ- መምህር
ናይ ተመኮርቲ ኰይነን ተመ
ረጻ ። እቲ ዓይነተኛ ኣመራርሐ
ኦንን ርእሰኻ ናይ ምውፋይ ዝነ
በረን ዓሚቝ ፍቕርን ብሩህ
ናይ ቅድስና ሀረርታ ዘለዓዕል
ነበረ ።





እናቴ ጀዙዊና ድላይ ኣምላኽ ተረዲኦን ንዝኾነ ዝተ
መደበለን መንገዲ ብተስፋን ብትብዓትን ክስዕባ ወትሩ ቅር
ብቲ ነበራ ። ገሊኦም ሰባት ምኽሪ ክሓቱ ወይ ደቆም ናብ
ገዳም ከእትው ኢሎም ዝመጹ መንፈሳዊ ሓይለን ብምር
ኣይ " ኡነት ቅድስቲ ክትከውን ኣለዋ " ይብሉ ነበሩ ።

እናቴ ጀዙዊና ን13 ዓመታት ዝኣክል ጠቕላሊት
ሓለቓ ቀጺለን ከኣ ክሳብ ጊዜ ሞተን መማኸሪት ኰይ
ነን ኣገልገላ ። ኣብ'ዚ ጊዜ'ዚ እንታይነተንን ዕብየተንን
ኣርኣያ ። ንሰን ምእንቲ ክብሪ እግዚኣብሔርን ፍቕሪ መቕ
ርበንን ምስራሕ ልማድ ነበረን ። ስለ'ዚ ድኻታት ንምሕ
ጋዝን ፍቕሪ ኣብ ግብሪ ንምትርጓምን ብዙኅ ገዛውቲ
ኣብ ኣፍሪቃን ኤውሮጳን ከፈታ ። ከምኡ'ውን ኣብ መንጐ
ሕዝብን ደናግልን ዓሚቝ ርክብ ከምዚህሉ ገበራ ። ንቤተ
ክርስቲያን ስለዝፈትወኣ ምእንቲ ጸዋዕታ ምንኵስናን ቅድ
ስና ካህናትን ምጽላይ ልሙድ ስረሐን ነበረ ። እዚ ፍረ
ናይ ጸሎተን ዝኾነ ነጸብራቕ ቅድስና ኣብ ወዲ ኃውተን
ኣብ ኣንቶንዮ ሓለፈ ። ብሕይወቱ ከምዝገለጾ ንእግዚኣብ
ሔርን ንጐረባብትን " ኣነ ኵለንትናይ ናቶም ህያብ ኢየ "
ይብል ።